## *ብግዳም ዓወት ብውሽጢ ጥልማት።*

### *ሰብ ምቕታልዶ ይሽፍእ ወይስ ኣተሓሳስባ ምቕታል?*

*ዓስራይ ክፋል።*

ኣዝዮም ብርክት ዝበሉ ኣሓትን ኣሕዋትን ነቲ ክሳብ ሻብዓይ ክፋል ዝጀመርክዎ ናይ መንካዕ ታሪኻዊ ጸብጻብ ክቕጽሎ ተላብዮምኒ። ከምቲ ኣብ ታሽዓይ ብዛዕባ ሓፈሻዊ ድሕረ-ባይታ ጉዳይ ሃገርና ዝገለጽክዎ ኣብ ካልእ እዋን እንተዘቕርቦ ነይረ ዝሓሸ ነይሩ ክብሉ ተላብዮምኒ። ኣነ ዘቕርቦ ጸብጻብ ናይ መንካዕ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ዝተፈላለዩ ምንቅስቓሳትን ሕቶታት ውልቀ-ሰባትን ዘበገሶ ክሳብ ንቕኑዕ ጠለባቶም ከም ሳዕቤን ዝተቐየዱን ዝተቐንጸሉን ዝሓቐፈ ኢዩ። ልክዕ ናይ መንካዕ እውን ብሰፊሑ ቀዳማይ ቦታ ከም ዝሕዝ ክሓብኦ ኣይደልን። እዚ እውን ድሕሪ ካብ ተጋድሎ ሓርነት ምንጻል እቲ ኣብ ተሓአ ተፈጺሙ ዝብል ገበናትን ቅንጸላን ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ደው ስለ ዘይበለ ዘለዓዓሎ ሕቶታት፣ ከም ብዘይ ፍትሕን ብዘይ ፍርድን ሓደ ዜጋ ንምንታይ ብሕቡእ ኣብ ተቐየደሉ ደሃዩ ከይተሰምዐ ይጠፍእ ዝብል ግሉጽ ምንቅስቓስ ብምብጋሱ ኢዩ። እቲ ከም ሓዲሽ ወድብ ተፈልዩን ፈላሚ መሰል ዜጋን ደሞክራሲያዊ ለውጥ ከበግስ ኢዩ ክበሃል ከም ዘይጸንሐ ግን ዝተራእየ መሰል ምግሃስ ንምግታእ ኣይተተግበረን። ሎሚ እውን ህግደፍ ከም መቦቀል ናይቲ ኣብ ሰብዓታት ዝቀጸለ ባህሩ ይቕጽል ብምህላዉ ኤርትርዊ ሓሞት ምዝራጉ (ሓቂ ኢዩ ተዘሪጉ ኢዩ ዘሎ) ከነጻጽር ደልየ ዝጀምርክዎ ምስቲ ቅኑዕ ቃልስና ዝዘርግ መበቆል ካበይ ከም ዝተበገስ ንምትሕሓዝ ከብርህ ክፍትን ኢየ’። ከም ኣብነት ሳዕቤን ናይቲ ሽዑ ዝተዘርአ ሕዱር ሕማም ከም መቐጸልታ ሕጂ ሰፊሑ ደልዲሉ ሃገራዊ ማሓንቖ ኮይኑ ምህላዉ፣ ንምፍዋሱ ናይ ኩላህና ሓባራዊ ጻዕሪ ክሕወሶ ዝብል ስምዒ ዘለዓዓሎ ድፍኢት ኣበጊሱኒ። ከም ኣብነት ድማ ገለ ኣብነት ክጠቕስ ኢየ። እቲ ዝኸፍአ ኣወንታዊ ኣተሓሳስባን መርገጽን ምቕታል፣ ከም ሃገር ምቕታል ስለ ዝኾነ፣ ንቕድሚት ከይንሱጉም ሓሳብና ኣብ ሓደ ቦታ ደው ኢሉ ስለ ዝርከብ ሰበባን ዕያግን ንምጽራግ መጋሕፈሊ የድሊ ኣሎ። ብጹሩይ ሑጻ ዘይሓለፈ ማይ ነቲ ዝተዘርገን ሕንትኽታኽን ክጸርጎ ኣይካኣልን። ሑጻ ሳሕልን ንኣታሓሳስባና ኢዩ ውሒጡ ኣተሓሳስባን ዘሪግዎ። ብኹሉ መዳይ በየናይ ብዘይየገድስ ዕቑር ሃብቲ ኣረኣእያና ተቐንጺሉ ስለ ዘሎ፣ ነቲ ሓዲሽ ቡቕልያና እንታይ ነውርሶ ዝብል ሖቶና ክፍታሕ ኣለዎ። ናይ እተሓሳስባና ምዝራግን ምብታንን እውን ብብሩህ ይቕጽል ምህላዉ ርኡይ ሓቂ ኢዩ።

መንእሰይ ዘይተሓላለኸ ናጻ ርእይቶ ኣለዎ። ኣብ ድሮ ናጽነት ብወለዲ ድማ ብመጀመርያ ፍኒሕኒሕ ናይ ምባል ተቓውሞ ተጀሚሩ ነይሩ። ተመሃሮ እታ እንኮ ዩኒቨርሲቲ ኣስመራ ብዘርኣይዎ ተሪር ተቓውሞ ንዊዓ ተወሲዶም። ብወለዲ ተቓውሞ ተኻይዱ። ኣብቲ እዋን እቲ ብናይ ፖሊስ ማህረምትን ምፍርራሕን ኣብ ልዕሊ እተን ኣደታት ክወርድ ከሎ፣ ህዝቢ ንዝፍጸም ግፍዒ ብዘይ ገለ ዝርአ ተቓውሞን ድምጽን ኣጽቂጡ ከም ቅቡል ገይሩ ወሲድዎ። ስለዚ እቲ ናይ ወላዲ ዕድመ ዝኾነ ኣካል ህዝብና ከምኡ’ውን ፕረዝደንት ናይ ዩኒቨርሲቲ ሓውሲ ክድዓት ዘመሳስል ባህሪ ኣርእዮም። ስርዓት ኢሰያስዶ ክንብሎ ወይ ጉጅለ ኢሰያስ ብድላይኩም ጸውዕዎ ኣብ ሳሕል ዝዘርአ መጽቀጢ ባህሪኡ ካብ በትሪ ዕንጸይቲ ናብ ናይ ሓጺን ኣርዑት ተጊሩ። እቶም ካብ ኢድ ወለዶም ተመንጢሎም ንሳዋ ኣገልገሊቲ ውልቀ-ሰብ ክኾኑ ዝተወሰዱ፣ ወለዲ ብዘይ ገለ ተቓውሞ ድምጾም ክዕበስ ዝረኣየ መንእሰይ ሕማቕ ስምዒት ኣብ ልዕሊ ወለዱን ካልኦት ብዕድመ ዝበሰሉን ፍርሆም ተዓዚቡ ኣብ ልዕለና ዘለዎ ኣረኣእያ ከም ዝጽንቀቕ ብሩህ ኢዩ። መንእሰያትና ክኸዕቡና ድማ ሓቆም ኢዮም ክበሃል ይከኣል። ወለዲ ደቅና ክሳብ ዓቕሚ ኣዳም ዝኣኽሉ ኣብ ትሕቲ ሑቕፍና ኢና ነምህርን ነዕብ እንበር፣ ገና ካብ ወለዶም ክማላኣሎም ዝግባእ ባህሪያዊ ኣተዓባብያን ምሉእ ባህላዊ ውርሻ ከይጸገቡ ክፍለዩና ኣይግባእን ዝብል ብርቱዕ ተቓውሞ እንተዝገብሩ፣ እዚ ድክታቶርያዊ ስርዓት ንገለ ወለዲ ምእሳርን ክሳብ ምስ መስዋእቲ ዘብጽሕ ስጉምቲ እንተ ዝወስድ ኩሎም ደቅና ጽልኦም ኣብ ልዕሊ እዚ ስርዓት ኣዝዩ ሕኑንን ብርቱዕ ምኾነ። እዞም ሎሚ ኣይሰምዑናን ንብሎም ዘለና ደቅና፣ ካባና ንላዕሊ ንኹሉ ይግምግሙ ኢዮም። ፈራሃትን ፈተውቲ ንዋይን ከም ዝኾና ፈሊጦሙና ኣለዉ። ኣብ ከርሲ ሃገር ዘለዉ ወለዲ፣ ካብ ኣብ ትሕቲኦም ዘሎ ውላዶም ነቲ ኣብ ደገ ኮይኑ ዶላር ወይ ኦይሮ ዝልእኽ ከም ዝፈትዉን፣ እቲ ኣብ ሑቕፎም ዘሎ ቆልዓ ጽቡቕ ገይሩ ይፈልጥ። ብሰንኪ ናይ ናብራ ምንቁልቃል ተመጽወቲ ከም ዝኾኑ ይዕዘብ። መን ኢዩ እቲ ጠንቂ ናይ ምጽወታ ኣብ ክንዲ ፈልጦም ዝቃወሙ፣ ናይ ትሕዝቶን ናይ ናብራ ጉድለትን ዘስዓበ ክንዲ ምእላይ ኣብ ትኳቦ ደቆም ወዲቖም። ናይ ሓሶት ርእሰ-ምርኮሳ ዝብል ባዶ ጭርሖ ብተግባር መንእሰያትና ካባና ንላዕሊ ይመዝንዎ። ናይ ዕድምኦም ጉቡእ መስመር ተጣሒሱ ናብ ናይ ንቡር ዕድመታት ብርኪ ተሰይርዎም፣ እንተ ብሞያ እንተ ናቶም ስድራ-ቤት ዝሃንጹሉ ብሩህ መጻኢ ከም ዘየለ ይግንዘቡ። ትጽቢቶም ሃገር ሓበናን ኩርዓታን ህዝባ ናይ ምንቅስቓስ ናጽነት ሃልይዎ ነብሱ ክሰርዕ ከሎ ኢዩ ህዝቢ ክብረት ክህልዎ ዝኽእል ዝብል ጠመተኦም ሃሲሱን ተሰይሩን። ነቲ ናይ

ምዕባለ ጠንቂ ዝኾነ መንግስቲ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፣ ናይ ኩሉ ናብራ ሕሰም እሱ ከም ዝኾነ ኣዕርዮም ይፈጡ ኢዮም። ንኹሉ ዕብየትን ናብራን ጥራይ ዘይኮነስ ብዝላዓለ ኣውራ ዜጋ ንፍትሒ ዝቃለስ። መሰል ካብ ሃብትን ስምን ንላዕሊ ትርጉምን መግለጽን ኣለዋ።

መንእሰያት ካባና ዝወርስዎ ኣወንታዊ ብዙሕ ነገር ከም ዘለዎም ዘይሰሓት እኳ እንተኾነ ግን እቲ ሃናጺ ዝኾነ ትብዓትን ንደሞክራሲያዊ ቅርጺ ከም ሰረት ዘገልግል ጉሉጽነትን ኣብ ቅኒዕ ምይይጥን ምስ ትብዓት ጌጋ ናይ ምእራምን ጌጋኻ ምቕባልን ግን ኣየውራስናዮምን። ብኣንጻሩ ዘይተኣደነ ሕማቕ ኣዝዩ እኳ ድአ ሕማቕን ኣደራዕን ጸበባን ኢዮም ወሪሶም። እወ ከም ዝትቓለስና ግን ቃልስና ምህርቱ ስደትን ምብትታንን ኮይኑ ከም ዘሎ ካባና ተማሂሮሞ። ተቓውሞ ብመንእሰይ ተፈቲኑ ኢዩ። ንኣስገዳድ ዕስክርና እምቢ ዝብል ሓቀኛ ባህሪ ኣርእዮም። ብፍላይ ካብ ሰራዊት ኮብሊሎም ኣብ ከባቢ መንበሪኦም ክሕቡኡን ክስወሩን ፈቲኖም። ጎረባብቲ ኣብዚ ተሓቢኦም ኣለዉ ክብል ኣሕሊፉ ክህብ ዝረኣዩን፣ ኣብ ዘይተኣደነን ማእሰርትን መግረፍትን ምርሻንን ክሳብ ዝበጽሑ'ውን ኮይኖም። እዚ ንመን ይጠፍኦ። እቲ ኣብ ደገ ዘሎ ስደተኛ ንሃገሩ እምንን ዓኾርን ደርብዩላ ድሕሪ ምኻዱ ገለ ናይ ወጻኢ ባጤራታት ኣኻዕቢቱ ትካል ገዛን ከም ወይ ንዋይ ስለ ዘጥረየ፣ ናይ ግዙእ ንብረቱን ትካሉን ኮይኑ ንመንግስቲ ዘይቅቡል ዝበሎ ክጻወርን ክንብርከኽን ከም ዝመረጸ መንእሰያት ኣይተዓዘቡን ማለት ዲይ?

ልክዕ ኣብ ቆላታትን ገለ ኣብ ከበሳታት ቱርካውያን ብዙሕ ጽልዋ ገዲፎም ኢዮም ሓሊፎም። ግብጻውያን ድማ ካብቲ ናይ ቱርካውያን ግዜ ይሕጸር እንበር ታራ እውን ነይዎም። ኢጣልያውያን ግዝኣቶም ከስፋሕፍሑ ንሃገርና ምግዝኦም ከይኣክል ሰስቡሑ መሬት (ኮንቺስዮነ) ወሲዶም ንኣቦሓጎታትና ኣብ ግንባር ሊብያ ብፍላይ ኣብ ትሪፖሊ ኣብ ቾሪናይካ፣ ኣብ ሶማል ኣብ መቓዲሾ ክንዋጋእ ፈሪዶምና። ናይ ኢትዮጵያ ወራር ጥልያን እውን ብኣና ተገግቢሩ። እሞ ብፈረንካ እንዳ ገዝኡ ማዕሪኦም ብብርጭቆ ማይ ከይንሰቲ እንዳ ኣገዱ፣ ኣብ ኣስመራ እውን ኣባሻውል፣ ገዛ ብርሃኑ፣ ደባልቆ፣ ሓዲሽ ዓዲ፣ ኣኽርያ፣ ዓተለርያ እንበር ኣብ ማእከል ከተማ ከይንሰፍር ከልኪሎም ከም ጽንጽያ እንድዮም ዘካላብቱና ዝነበሩ። እዚ ሎሚ ተሰሪሖ ተባሂሉ ዝንየተሉ ዘሎ ካትራመ ጽርግያታት ኣበሓጎታትና እንድዮም ሰሪሖሞን መይቶምሉን። ሕጂ ደቅና ድማ ብኣስገዳድ ወፈራ ከም ኣበሓጎታቶም ጉልበቶምን ዕድምኦምን ንዘይ ረብሕ ምስ ናይ እስታሊን ዝዳረግ ወፈራ ተቓሊዖም። እዚ ንሩሲያ ዘይጠቐምን ን80 ዓመታት ረጊጽካ ዝተኻየደ ከም ግብሪ ክንሪኦ ከለና እታ ሃገር ተጨርሚማን ተቖሪሳን ካብ ልዕለ ሓይሊ ሎሚ እንታይ ኮይና ኣላ ንርኦ ኣለና። እንግሊዝ ናይ ትምህርቲ ጨራን ናይ ኣመሓዳድራ ቀጥዕን የተኣታትዉ እንበር ብወገን ብእምነት ፈላልዮሙና። ግን እቲ ሽዑ ዝነበረ ወለዶ ናቱ ተቓውሞ የርኢ ስለ ዝነበረን ኣብ ቤትና እውን ካብ ወለድና ብዙሕ ንሰምዕ ስለ ዝነበርና እንዲና ክንቃለስ ዝወፈርና። ከም በዓል ስውእን ጅግናን እድሪስ ዓዋተ ዝወልዕዎ ሽግ እንዲና ብርሃና ቀደድ ከነብል ዝሰዓብና። መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣዝዩ ሕሱም ሽግራት ከም ዘስዓበትልና፣ ዘይርሳዕ ግፍዕታት እውን ኣይረሳዕናዮን። ካብ ኣያታትናን ኣቦታትናን ዝወረስናዮ ንደቅና ኣየማሓላለፍናዮን። ኣብ መንጎና ስሱዓትን ኣረመናውያን ተሰሪዖም ክብሕቱና ኣፍቂድና።

መግዛእቲ ከም መንዳዓት ኣብ ሑቕ ኢዩ ሰፈራ። ናይ መነባብሮን ናይ ድኽነትን ሃብትን ትሕዝቶ መለክዒ ናጽነትን ጥራይ ክኸውን ኣይክእልን። መግዛእቲ ዝበሃል ብመጀመርያ ገዛኣን ተገዛእን ዝፈላሊ ሕንጻጽ ኣሎ። እቲ ተገዛኢ መሰሉ ዝተገፈ ኢዩ፣ ዝኾነ ሕጋዊ ጠለባትን ናጻ ምንቅስቓሳትን ኣይፍቀዶን። ከም ኣገልጋሊ ጥራይ ኢዩ ዝነብር፣ ህላዌኡ ዝተዋህቦ መምርሒ ይሕሰሞ ይምረሮ ከተግብር ይግደድ። ኩሉ ብኣስገዳድ ኢዩ ዝትግበር። ካብ ናይ ሓሶት ናጽነት ምስ ገለ መግዛእቲ ክነጻጸር ከሎ መግዛእቲ ፍኹስ ዝብለሉ'ውን ኣሎ። ንዓና ኣይኹን እንበር ኣብ ቤት ፍርዲ ኣስመራ ብዘበን ጥልያን ዝተጻሕፈ ጥቕሲ ነይሩ። ሕጊ ንኹሉ ማዕረ ኢያ (La legge e uguale per tutti) ትብል ነይራ። እዛ ኣበሃህላ እዚኣ ንዓና ኣይትምልከትን። ግን መግዛእቲ ጥልያን ምስ ኣብቀዐ ኣብቲ ናይ እንግሊዝ ሞግዚትነት ብድሕሪኡ ኣብ ናይ ፈደረሽን እዋን ድማ እቲ ቤት ፍርዲ ብቕሉዕ ስለ ዝጋባእ ኩሉ ሰብ ከም ተዓዛቢ ክምልከት ክፉት ምንባሩ ናይ ትማሊ ትዝታ ኣብ ኣእምሮና ኣሎ። ኣብ ፈደረሽን መቐረት ሃገራዊ ስምዒትና ዝተራሰነሉ ድማ እቲ ዘይነበረ ከም ቡቕሊ ኣንጻር ጸቕጢ ንቅላስ ክቕልቀል ምጅማሩ ኢዩ። ማሕበር ሰራሕተኛ እውን ከም እግሪ ተኸሊ ዕንክይክይ ክብል ቅርጺ ክሕዝ ተራእዩ። እዚ ምስ ተጣሕሰ ነድሪ ህዝቢ ካብ ፖለቲካዊ ተቓውሞ ኣብ ሰላማዊ ሰልፍን ደይቡ። ኣብ ጎነጻውን መድረኽ ሰጊሩ። እዚ ብሓደ ሰብ ዝካየድ ዘሎ መግዛእቲ ግን ካብ ኩለን እተን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቕሳ ብድምር ዝኸፍአ ኢዩ። ተቓውሞ ኣንጻር ቱርኪ ብቀዳሞት ወለድና ,,ሑክም ቱርኪ ወይ ድማ ግዝኣት ቱርኪ“ ብቕሉዕ መረረ ይዝረበሉ ነይሩ። ናይ ህግደፍ ግን መግዛእቲ ተጋደልቲ ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ኢዩ ጀሚሩ። ንዚ መግዛእቲ እዚ ድማ ተጋደልቲ ብግስ ከይበሉ ክቃወሙ ጀመሩ። እስኪ ቅርጺ ህዝባዊ

ሓይልታት እንታይ ይመስል ንተዓዘብ። ዝሓለፍናዮ መሪር በሰላ ንምግላጽ እንበር ብሓፋሽ ተግዳላይ ተኣምር ኣይተፈጸመን ኣበሃህላ ዘስምዕ መደምደታ ክወሃበሉ ኣይኮነን ዝገልጽ ዘለኹ። ግን ሰጊርናዮ ዝሓለፍን ናብ ቅኑዕ ምሕደራ ንሰጋገረሉ መድረኽ ከም ዝተጣሕሰ ንምብራህ ኢዩ። ነቲ ኣቓልቦ ዘይገበርናሉ ጉድለትና ንምትንታን ዝኣክል።

**<u>ቅርጺ ህዝባዊ ሓይልታት።</u>**

ብጾተይ ከም ዝመሮም ኣይስሕቶን ኢየ። ዝተጋደልናሉ ዝብል ሓበን እውን ከም ድፍኢት ተራ ይጻወት ኢዩ። ይኹን እነብር መሰል ዝብል ቃል ኣብ እዛ ውድብ ተጠቒሱ ኣይፈልጥን። ብመጀመርያ ከም መግዛእቲ ኢትዮጵያ ኣብ ዝነበረሉ ግዜ ብምንባሩ ንኹሉ ዝድለ ጸቕጢ መታን ክጥዕም ንኢትዮጵያ ከም ሽፋን ክጥቀመላ ጀሚሩ። እዚ ማለት እቲ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ዝተወልደ ውጽኢት ኢትዮጵያ ዝለኣኽቶን ናታ ፍሬ ገርካ ምርኣይን ነብሰ ተኣማንነት ከም ዘጥፍእ ተገይሩ። መድሃሊ ሜላ ገርካ ንኹሉ ክተርዕድ እሞ ናይ ጽልኢ ዓቕን ኣብ ንሓድሕድካ ከም ዝኽዕብት ምግባር ስነ ኣእሙራዊ ጸቕጢ ተፈጢሩ። እቲ ነቲ ክጥርጥር ጀሚሩ። ብጻይነት ፋሽን እንበር ግብራዊ ብጻይነት እቲ ኣብ ላዕሊ ዘሎ በይኑ እሙን ኮይኑ። ክመቓቕል ክጉዝን ድማ ክኢሉ። ናእሽቱ ኣብ ዕለታዊ ዘጋጥሙና ጸገማት ስነ ኣእሙራዊ ጸቕጢ ዘብጽሕ ናይ ሓንጎል ነውጽን  ምሕጻብ ሜላ ከመይ ዝበለ ንምጥቃስ ገለ ኣብነታት ክህብ እመርጽ። ጠበንጃ ወዲቓትካ ምስ ትስበር ጸላኢ ከም ዝለኣኽካ ኢኻ ትቑጸር። ነቲ ኣወዳድቓኻ ከይተረፈ'ውን ዝምርምሮ ኣካል የለን። ሽዑ ተቐይድካ ናብ ሓለዋ ሰውራ ትወርድ። እቶም ኣብኡ ዘለዉ ሰባት ኩሉ ተኣሲሩ ዝመጾም ዜጋ ምስ ጸላኢ ርክብ ዘለዎ ተባሂሉ ኢዩ ዝንገሮም። መን ነይሩ ዓርክኻ፣ ኣቦኻ እንታይ ስራሕ ነይርዎ፣ ገለ ኣዝማድካ ዕብይ ዝበሉ በዓል መን ነይሮም ካብ ቤተ-ሰብካ ኣለዉዶ? ኮታ ብዙሕ ዘይተጸበኻዮ መርመራን ኣሰቓቒ ኣካላዊ ማህሰይቲ እውን ይወርደካ። ካብ መራሕ መስርዕ ጀሚርካ ብተኻታታሊ ዘሎ ብዛዕባኻ ዘቕርቦ ጸብጻብ እሞ መጥፊኢኻ ይኸውን። ጸላኢ ኣብ ሞንጎና ኣሎ ዘስምዕ ራዕዲ ንኹሉ ካብ ጥንቃቔ ሓሊፉ ክሳብ ናብ ጽላለ ዘድሃበ ጠመተ ይኸውን። ንሰውርኡ ክከላኸል ክብል ንደቀቕቲ ነገራት ኣብ ክንዲ ብማዕዳን ብምርድዳእ ዝፍትሕ ናህሪ እንዳ ወሰኸ ይድይብ። ተራ ተጋዳላይ ኣብ ልዕሊ መራሒኡ ንሕንፍሽፍሽ ከም ዝተላእከ ዘስምዕ ቅርጹ ኩሉ ስለ ዝዕዘቦ ንጉድለት መራሕቲ ክገልጽ ይፈርሕ። ገለ ገለ ተባዓት ተረኺቦም ምስ ዝፍትኑ ጭቡጢ ምስ ዘቕርቡን እወ መአረምታ ክግበር ኢዩ ተባሂሉ ይድምደም። ቀጺሉ ግን እቲ ነቓፊይ ተሳሒቡ ይሽረብ። ዝገብሮ ነቐፌታ ገና ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ከለኻ ኣብቲ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ተቕርቦ ሕቶታት ከም ጸብጻብ ስለ ዝመሓላለፍ ክሳብ ዕለት መስዋእትኻ ኣብ ዝሸድካያ ኣሃዱ ጸቕጢ ይበዝሓካ። ፖለትካዊ ትምህርቲ ብፍላይ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ሓዘል ምስ ጽልእን ቅርሕንትን ዝተጣማጠመ ኢዩ ትመሃሮ። ኩሎም ምስ ካልእ ውድባት ዝተሰለፉ ጸላእትኻ ኢዮም። ተራኺብካ በይንኻ ከም ሃገራዊ ምስኣቶም ክትዛረብ ሰላም ክትብሎም ዘይሕሰብ ኢዩ። ከም ናይ ሰረገላ ፈረስ ናብ ሓንቲ ትኸደላ መስመር ጥራይ ዘቕንዕ እንበር የማን ጸጋም ዘየጠምት ቅርጺ ኢኻ ትለብስ። እዚ ምንጽጻግ እውን ክሳብ ሎሚ ኣብ ቦትኡ ኣሎ። ካብ ናብ ኢሰይስ ምእላይ ብሓደ ትጥመር ነንሕድሕድካ ትበጫጨቕ። እዚ ሜላ እዚ ኢሰያስን ሰዓብቱን ከም ባህሊ ኣታኣታትዮሞ። ምክብባርን ምትእምማንን በሪሰን። ኣቦኻን ኣደኻን ርኹባት ከም ዝነበሩ ዝፈልጥኻ ክህልዎ ጸገም ኣይኮነን። ነቦኻን ነደኻን ኣመስጊንካ ክትዛረብ ግን ዘይሕሰብ ኢዩ። መቐረት ወለዲ እውን ክዝንተወሉ ዘየፍቅድ ኢዩ። ህዝብኻ ከም ድሑር ገርካ ክትጥምት ትሕጸብ። ውድብ ካብ ላዕሊ ንኹሉ ሓላይን መዳብን እንበር፣ ካብ ህዝቢ ንሃገር ዝጠቅም ዘበርክት ከም ዘሎ ካብ ሓንጎልካ ክሕከኽ ኣለዎ። ስለ ዝተሓከ ድማ እታ ገባር ደንባር ትብል መግለጺት ትቕጽል ኣላ። ብዛዕባ ወለድኻን መማህራንካን ዝሃቡኻ ምስ  ሓደ ብጻይካ ምስ ትዛረብ፣ ነሱ ንመራሕ መስርዕ ነጊሩ ተሳሒብካ ትቕየድ። ካብታ መስርዕ እውን ስለምንታይ ከም ዝተቐይድካ ዝፈልጥ የለን። ጦፍ ወይ ተላኢኽካ ኢኻ ተባሂልካ ትሰሓብ። ብኡ ኣቢልካ ትጠፍእ። ኣጋጣሚ ምስ ትወጽእ ግን ከም መጠንቀቒ ትወሃብ ተኣሲረ ነይረ ከይትብል ኢያ ትንገረካ። ኣብ ትእሰረሉ ድማ በይንኻ ተነጺልካ ኢኻ ኮፍ ትብል። ናብ ሓንቲ ቦታ ገጽካ ጥራይ ትጥምት። ለይቲ እውን ብሓንቲ ዓይነት ኣደቓቕሳ ትድቅስ። ትግልበጥ ብበትሪ ናብታ ዝነበርካያ ተሃሪምካ ትምለስ። ተጎልቢብካ ትድቅስ። ትቕላዕ ብበትሪ ክሳብ ከቢድ ማህሰይቲ ዘብጽሕ ትዱግደግ። እዚ ዝኸፍአ ግን ብጻይካ ኣበይ ከይዱ ኢሉ ክሓተልካ መሰል የብሉን። መሰልካ ጥራይ ዘይኮነስ መሰል ብጻይካ ዝተጋህሰ ኢዩ። ከም ኣብነት ኣብ ታሕቲ ሰፊሩ ስለ ዘሎ ብትዕግስቲ ጥራይ ምንባብኩም ቀጽሉ። ኣሃዱኻ እውን እንተኾኑ ክሓቱልካ ኣይፍቀድን። ካልእስ ይትረፍ ኣብ ዓውዲ ኩናት ናይ ጀጋኑ ጅግና ኩን ብዘየገስ ካልኦት ኣድኒቖም ከም ኣብነት ክጠቕሱኻ ኣይፍቀድን። እሱ ድማ ድምር ናይቶም ኩሎም ጀጋኑ ሓደ ልዕሊ ኩሉ ጅግና ስለ ዘሎን እቲ ጅግንነትካ ካብኡ ኢኻ ተለቂሕካዮ። ጅግንነት ድማ ናብቲ መለቅሒ ክምለስ ኣለዎ፣ ዘስምዕ ኣተጋባብራ ኢዩ ዝቕጽል። መግለጺ ጅግንነት ህቡብናት ንውልቀሰብ እንኮ ብሓደ ሰብ ኢያ ትውነን። ንሱ ድማ እዞ

ሎሚ ዘሎ ናይ ጅጋኑ ጅግና ኢዩ። ኣይዓርከን ኣይሓሙተን ቆራይ የጻውትን ዝዓይነቱ። ሎም እኳ ተደሚርዎ ኣብ ርእሱ ተጊርዎ ናብ ዓበድበድ ኣድሂቡሉ ኣሎ።

ኣብ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ እውን መጠን ዘይብሉ ግጉይ ትምህርቲ ክወሃብ ትሰምዕ። ሕቶ ተባሂሉ ዝቐርብ ክትጥንቀቐሉ ኣለካ። ንውድብ ዝትንክፍ ኮይኑ ምስ ዝርከብ፣ ህይወትካ የላን። ኩሉ ዝወሃበካን ዝንገረካን ትእዛዝ ጉጉይ እውን ይኹን ኣሜን ኢልካ ምቕባል ጥራይ። ካብቲ መራሒ ሓይሊ እቲ ዝኸፍኤ ተኻታታል ሜላ (ፖለቲካል ኮሚሽነር) ኢዩ ንኹሉ ዝውስኖ። ኣብ ወተሃደራዊ ግጥም ሕጊ ጽኑዕ ክኸውን ናይ ግድን ኢዩ። ግዜን ኮፍ ኢልካ ትመያየጠሉ ህሞት ስለ ዘየፍቅድ። ኣብ ግዜ ሰላም ግን ንፍትሓዊትን ሕጊ ከተኽብርን ክትሃንጽ ኢልካ ስለ ትቃለስ መሰል ሰብ ዘኽብር ህንጻ ኣብ ውሽጢ ውድብ ክኽበር ኢኻ ተሰሊፍካ። መሳውእትኻን ከማኻ ተበጅዩ ክቃለስ ዝዓጠቐ ገለ ደሞክራስያውን ማሕበራውን ሕቶ ኣይተማለአን ክብል ዝሓተተ፣ ኣብ ተወሰነ እዋን ተሳሒቡ ክጠፍእ ከሎ ብዛዕቡ ዘይሓትት ተጋዳላይ ብጻይነት ዝብል ቃል ከም ሽፋን እንበር ከም መትከል ኣሚኑሉ ኣይኮነን ዝቃለስ። ንኣብ ጎድንኻ ኮይኑ ዝተሃርመ ክሳብ ህይወትካ ሂብካ ተድሕኖ ወይ ንዓኻ ከድሕን ህይወቱ ክሳብ ዝኸፍል ሓድሕዳዊ ተግባር ዝፈጸምኩም ብጾት፣ ናይቲ ሃዋርያ ወይ መለኮት ኮይኑ ዝቃለስ ብጻይካ ተሳሒቡ ክሃጥም ከሎ ዘየሕትት እንታይ ኣለካ? ተጋዳላይ ንኣብ ቅድሚት ዘሎ ጸላኢ ክፈርሕ ክትርኢ ሳሕቲ ኢዩ። ብድሕሪት ግን ዘይንገረሉን ዘይረአን ጸላኢ ስሒቡ ክወስዶ ከሎ ብፍርሒ ተዋሒጥካ ክትሓተሉ ኣይትደፍርን። እዚ እውን ከም ኣብነት ክጠቅስ፣ ኣብ ክፍሊ ታዕሊም ሓደስቲ ከም ኣብነት ኮና ከነገልግል ዝተመደብና እዞም ኣስማቶም ዝጠቐሶም ዘለኹ ኣባላት ናይታ ዝዓበየት ክፍሊ ታዕሊም ኢዮም።
መሪሕነት ክፍሊ ታዕሊም ሮመዳን ኣውልያይ ይበሃል። ሮመዳን ብኹሉ ጠባዩ ምስጉንን ብሩህን ክፉትን ገጽ ዘለዎ ተጋዳላይኢዩ። ግን ንሓደ ናይ ወተሃደራዊ መሰልጠኒ ከመሓድር ዝግብኦ እቲ ብዘበናውን ምስ እዋኑ ዝመዛዘን ተመክሮ ዘለዎ ኣካል ኢዩ ነቲ ምሕደራ ክርከቦ ዝግባእ ዝነበር። ተጋዳላይ ኮንካ ነዊሕ ስለ ዝተመኮርካ ንምሕደራን ስልጠናን ክትመርሕ ከም መለክዒ እኹል ኣይኮነን። ብፍላይ ናይ ወተሃደራዊ ኣካዳሚ ዝተማህሩ ምስ ዝህልውኹ ብልዑል ተራ ክጻወቱ ክትጥቀመሎም ይግባእ። ከም ኣብነት ካብዞም ኣብ ታሕቲ ተሰምዮም ዘለዉ ብብቕዓት ትምህርቱ ዝፍለጥ ብጻይ ፍቕረ ኢዩ። ኣብ ናይ ሃረር ወተሃደራዊ ኣካዳሚ ተማሂሩ ዝተመኮረ። ግን ዝጻወቶ ብዙሕ ተራ ኣይተዋህቦንን። ነቶም ትሕት ዝበለ ኣካዳሚያዊ ፍልጠት ዘለዎ ዓለምቲ ናይ ሚሊተሪ ሳይንስ ብቕዓት ከም ክልሰ ሓሳብ ከረድኦምን ክርዱኡን ዘይሕሰብ ኢዩ ነይሩ። እቲ ሓዲሽ ተዓላማይ እውን ብቑዕ ትምህርቲ ክወሃቦ ኣለዎ። ህይወት ክብርቲ ስለ ዝኾነት። ኣብ ወተሃደራዊ ትምህርቲ ጥበብን ሜላን ወሳኒ ተራ ኣለዎን። ክም ደባይ ሰራዊት ድማ ውሕሉል ሜላ ክወሃብ ስለ ዝግባእ። ብጻይ ፍቕረ ኣብ መጨረሽታ ድማ ተመሮኡ ንዓለምቲ ክዕልሙ ከበርክት ወይ ሰሚናር ክህብ ርእዮ ኣይፈልጥን። ብኣንጻሩ ከም መደብ (ተውዚዕ) ኣባል ተዋጋኢ ሰራዊት ንናቕፋ ስለ ዝተመደበ ኣብ ምፍጻም ተግባሩ ተሰዊኡ። ምስኡ ዝነበርኒ ምቅርራብን ናይ ሓባር ምይይጥን ኣድናቖተይ ልዑል ኢዩ ነይሩ። ብተዘዋዋሪ እውን ክጥንቀቕ ይሕብረኒ ነይሩ። ግን ነቲ ናቱ ምጽቃጥን ስቕ ምባልን ጎስየ ይኸይድ ምንባረይ ኣብ ጸገም ኣትየ። ኣብ ውሽቲ ሰውራ ካልእ ሰውራ (Revolution within Revolutin ትብል ናይ ደቡብ ኣመሪካ ብፍላይ ናይ ቶፓሞሮስ) ኣሎ ትብል መጽሓፍ ከንብብ ሂቡኒ። ሰውራ ብጉጉይ ሰብ ክምራሕ ከሎ ክሳብ ክንደይ ሓደገኛ ከም ዝኾነ ዝሕብር ኣንፈት ነይሩ ምልክት ኣገላልጽኡ።

| ዓለምቲ | ናይ ፖለትካ መማህራን |
|---|---|
| ተመስገን በርሀ | ማሕሙድ ሽሪፎ |
| ፍቕረ (ኣካዳሚ) | መሓሪ ግርምጼን |
| ሳርዳር | ዑስማን ብሉሕ |
| ፍቕረ | ሃይለ መንቆርዮስ |
| ተስፉ ዘውደ | ዓብደላ ኣደም |

ካልኦት እውን ነይሮም።

ንሕና ከም ኣብነት ኮና ኢና ክንዕልም ዝተመዘዝና። እቲ ዘገርም መሰል ክኽበር ኣለዎ ዝብል ሕጋዊ ጠለብ ኣብ ተጋደልቲ ክንሃንጽ ዝግበኣና ንሕና እንበር ልዕለና ክህሉ ኣይምተገበአን። እዚ እውን ነቶም ሓደስቲ ተዓለምቲ ብመጀምርያ ሌልኦም ምሳና ስለ ዝኾነ። ህላዌ ነፍስ ወከፍ ከነረጋግጽን ክንሓልን ብፍላይ ድማ ዕለታዊ ረቒቕ ናይ ኣተሓሳስባ ስንቂ መሰል ዝብል ክኸውን ነይርዎ።

ኣብዚ ክጠቕሶ ዝደሊ ናይ ሓደ ኣባል ፖለቲካዊ ትምህርቲ ኢዩ። እሱ ድማ መሓሪ ግርማጼን (ወዲ ቀሺ) ዝተባህለ ብጻይ ኢዩ። መሓሪ ኣብ ሶቭየት ልዑል ትምህርቲ ዝቐሰመ ጥራይ ዘይኮነስ ኣብ ከባቢ ኣስመራ ካብ ዓድታት ተወሊዱ ዝዓበየ ዝምስገን ጠባይ ዝወነነ ጰፉፍ ተመሃራይ ምንባሩ እዝክር። ትምህርቲ ደንገዩ ግዲ ጀሚሩ። ካብቶም ዕብይ ዝበሉ ተመሃሮ ሓደ ኢዩ ነይሩ። ኣብ እዋን ጀብሃ ክስለፍ ከለኹ መሓሪ ኣብ ኤርትራ ነይሩ ክኸውን ይኽእል። ኮይኑ ግን ኣብ ህዝባዊ ሓይልታት ስለ ተሰለፈ ድማ ኣብ ሳሕል ተረኺብና። እዚ ኣብ ክፍሊ ዜናን ፕሮፓጋንዳ ተመዲቡ ዝነበረ ኣብቲ ወተሃደራዊ ታዕሊም ከም መምህር ፖለቲክ ኢዩ ተመዲቡ። ነቲ መባእታዊ ትምህርቲ ዝህቦ ብውድብ ዝተጸንዐ ከም መእተዊ ሌላ ምስ ኤርትራን ብሄራታን ሕሉፍ ናይ መግዛእቲ ታሪኻን ብሓጺር ይምህር። ቀጺሉ ናይ ሰውራ ታሪኽ ድማ ራእስታት ጀብሃ ኢልካ ንኹሉ እተን ካብ 1961 ክሳብ ምፍላይ ህዝባዊ ሓይልታት፣ ጀብሃ ዝገበረቶ ዝብሃል ገበናትን ጸረ-ሃገራዊ መርገጺኣን ልዕሊ ኩሉ ድማ ብዱሕር መስፍናዊ ቅርጺ ዝተቐማጠዐት ዝህብ ትምህርቲ ኢዩ ከም ዘመተ ዝካይድ። እቶም ተዓለምቲ መብዛሕትኦም ንመግዛእቲ ኢትዮጵያ ክኣልዩ ዝተሰለፉ ዘይፈልጥዎን ዘይተጸበይዎን ኮይኑ ይጸንሖም። ገለ ኣውን ንኡስ ሓበሬታ ዝነበሮም ነቲ ዘመተ ክሰምዑ ከለዉ ምስቲ መምጺኢኦም ብጣዕሚ ኢዩ ዝዋቐዮም። ኣነ መደበይ ኣብቲ ወተሃደራዊ ወይ ናይ ዕጥቂ ትምህርቲ ስለ ዝነብረ ካብቶም ሓደሽቲ ምስቲ ዝሰምዕዎን ዝመሃርዎን ዘለዎም ስክፍታታት ይሓቲኒ ነይሮም። ክልተ ውድባት ከም ዘለዋ ይፈልጡ ኢዮም'። ግን መብዛሕትኦም ፍልልያት ናይተን ውድባት ስለ ዘይፈልጡ፣ ሓወይ ኣብ ጀብሃ ኣሎ ዝብል ስክፍታ ዝተሓወሶ ሕቶ የቕርቡ። ሓወይ ጸላኢየይ ማለት ዲዩ ዝብል የቕርቡ። እቶም ከይተረድኦም ዝኣተዉ በቶም ራእስታት ጀብሃ መጋበርያ ኮይኖ ኣለዉ ጥራይ ከም መልሲ ይወሃቦም። ሃገራዊ ናጽነት ኢለ ኢየ ተሰሊፈ፣ እቲ ክልሰ-ሓሳባዊ ፖለቲካዊ መግለጺ ድማ ኣብቲ ናይ ፖለቲካዊ ናጽነት ተኣዊጅ ከም ምርጫ ዝቐርበሉ ግዜ ምወገንኩ። ሕጂ ግን ምርጫ ዘይብሉ ናብ ሓደ ገጽካ እመን ዝብል ጻውዒት ትፍኣዮ ወይ ጉሰሞ ሓንቲኤን ምረጽ ተባሂለ ዝዋጠር ንምንታይ ኢዩ፣ ዝብል ናይ ሙሁራት ቁርቁስ እውን ይገጥመካ። እቲ ውድብ ስለ ዘየፍቕድ፣ ኣብ ሊዕሊኡ ንነዊሕ ዝጠመተ ናይ ስልጣን ምብሓት ተዋፊሩ ይድፈኣሉ ስለ ዘሎ ንህይወት ተሰላፊ ናይ ምንባር ዕድሉ ዝጸብብ ስለ ዝገብሮ ተጠንቀቐ። ኣነ ብምሕታቶም ዝመጽእ ጠንቂን ሳዕቤኑን ስለ ዝፈልጦ ካብ ምሕታት ክቑጠቡ ኢየ ዝምዕዶም። ይኹን እንበር ነቲ ናጻን ፍንውን ኣተዓባብየኦም ገለ እውን ክብ ዝበለ ኣካዳሚያዊ ፍልጠት ስለ ዘለዎምን ትምህርቲ ቀሰም መጻሕፍትን ዘንበቡ ስለ ዝርከብዎም ቀልጢካ ትህቦ ማዕዳ ኣይቅበሉኻን። ኣው ከባቢ ኣሻኽ ባህሪ ዘለዎ ውድብ ከም ዝርከቡ ስለ ዘይፈልጡ ይቕጽልዎ። ከምይ ገይረ ከም ዘድሕኖም እውን ይበላሓት። ጸብጻባት ዝህቡ ሰለይቲ ከም ዘለዉ ይፈልጥ። እዚ እውን መኖም ጥዑይ መኖም ሓሳዊ ክፈልጥ ኣይክእልን። ይኹን እንበር እቲ ውድብ ጠነግን መርበቡን ከም ዝዘርገሐ ዝጠፍኣኒ ኣይኮነን። ገለ እውን ነቲ ዝሰትይዎ ማይን ዝበልዕዎ መግብን ስለ ዘይለመድዎ የማርሩ እሞ እዚ ካብ ጸላኢ ተላኢኹ ኮነ ኢሉ ሕንፍሽፍሽ ክፈጥር ተባሂሉ ከም ዝቕየድ እውን መዓልታዊ ዝዕዘቦ ነገር ኢዩ። ከም ጸብጻብ ተሓቲተ ዝህቦ ድማ ድኻሞምን በብቑሩብ እንዳ ተመሓየሹ ምዕባለ ከም ዘርእዩ ጥራይ እንበር ካልእ እቲ ውድብ ብፍላይ ኣብ ልዕሊ ሙሁራት ዘለዎ ጥርጣረ ካብ ዕለት ናብ ዕለት ይውስኽ። ኣብታ መጻኢት ኤርትራ እዞም ምሁራት ኣብ ሑቕ ሓፋሽ ተወጢሖም ክመጽዩኹ ኢዮም እሞ ኣይትእመንዎም ዝብል ሕሹኽሹ ይብርክት። ትምህርቲ መርገም ኮይኑ ዝረኣየሉ ከባኢ ኢዩ። እዚ እውን መብዛሕትኦም ዝንቡላትን ደቂ ከተማን ስለ ዝኾኑ ብሽቕበጥበጥ ዝዓበዩ ክሕጸቡ ኣለዎም ዝብል ነስጋስ ትርጉሙ ካልእ ዕላማ ከም ዝሓዘለ ኢየ ዝግምግሞ። ብሓጺሩ ምስቲ ናይ መንካዕ ዝንባሌ ኣለዎ ዝብል ጥርጠራታት ሕማማትን ኣብ መጻወድያ ደገ-ኣፍ ከም ዘለኹ ዘጠራጥር ኣይኮነን። እቶም ክዕልሞም ናባይ ዝውዝዑ ኣስተብሂለን ኣጸቢቐ መዚነን ኢየ ዘዛራርቦም። ግን እቶም ክፉኣት እውን እንተኾኑ በቲ ተህቦም ሓልዮትን ነጸብራቕን ስለ ዝምሰጡ ኣብ መጀመርያ ይጠራጠሩኻ ደሓር ግን ይእምኑኻ። ካብ ዕላማና ከይዘንበልና ንባብና ናብ መሓሪ ግርማጼን ክኸውን ኣለዎ።

ህዝባዊ ሓይልታት ብክልተ ራእስታት ትመሓደር ኢያ ነይራ። ብግዳም ሓንቲ ውድብ ትመስል። ኣብ ውሽጢ ክልተ ዘየጻዋወሩ ክንፍታትን ራእስታት ኣለውዋ። ሑቕይ ሕኽኽኒ ክሓክካ ባህሪ ዘለዎ ምሕዝነት ተኸቲሎም ዝተሓሓጃቐፉ መዳናገርትን ኣዕነውትን ኢዮም። ሳልሳይ ድማ እቲ ናይ ወጻኢ ጉዳይ ሓላፊ ኢዩ። ንዕኡ ንምኽሳብ ዝግበር ዝነበረ ስለ ዝተቐልዐ ግን ናህሪ ተንኮሎም ካልእ ኣፍደገ ከፊተ። ካብቶም ክልተ ናይ ሜዳ ራእስታት ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ዝኸሰበ ዝብል መርገጺ ብዝያዳ ግዝያዊ ረብሓኡ ገምጊሙ ነቲ ናይ ቀድም ቀዳምይ ወገን (ናይ ሱዱ-ዔላ) ጠቢሩን ጠባቢሩን ምጥርናፍ ዝመደበ ኢሰያስ ኢዩ። መጀመርያ ጉጅለ ሳበ ትሕዝ፣ ቀጺልካ ንሰለሙን ንምጻል ዘድሊ ባይታ ተጣጥሕ ብድሕሪኡ ጉንድ ሓንሳብን ንሓዋሩን ተሕቅቕ። ቀጺልካ ድሕሪ ሰለሙን ድማ ንሳበ ኣብ ግዳም ትድርብዮ።

ናይ ኣብ ሜዳ ዝርከባ ክልተ ሓራምዝ ባእሲ ብዕሊ ኣይኾን እንበር ኣብ ጆግራፊያዊ ኣቀማምጣ ውዱእ ኢዩ ነይሩ። ኣብ ቅድመ-ግንባር ራእሲ ኢሰያስ (ክሳብ ብመዓልቶም ሃጸይ ዘብሉ) ኣብ ደጀን ድማ ራእሲ ሰለሙን ወልደማርያም። ወወገኖም ኣጽፈፎም ገጋንትኦም ተዋሳእቲ ባእታታት ከኽብቡ ጀመሩ። መሓሪ ኣብ ሳሕል ስለ ዝነበረ ምስ ኣማሓዳሪ ብለቓት ምስ ሰለሙን ወልደማርያም ኢዩ ርክቡ። ሰለሙን ብኣረኣእያ ንግዝይኡ ገለ ምሁራት ክኸስብ ኣብ ልዕሊ ምሁራት ዘለዎ ጽልኢ ብግሉጽ ዝልለ ኢዩ። ኢሰያስ ኣብ ከባቢ ከበሳ ይጠምርን ይወዳድብን ስለ ዝነበረ ነዛ ናይ ሎሚ ኣስመራ የማዕድዋ ነይሩ። ኣብዚ እዋን እዚ ኣነ ብሰለሙን ድግበር ምክትታል ዲዩ ወይ ብኢሰያስ ብስውር ዝመሓላለፍ ትእዛዝ ክግምግሞ ኣይከኣልኩን። እንዳ ኣጽናዕኩ ኣነ ሃንደበት ይእሰር። ካብ ክፍሊ ታዕሊም ዝተኣሰርኩ ኣነ ጥራይ ኢየ ነይረ። ስለምንታይ ተስፉ ተኣሲሩ ዝብል ሕቶ ካብቶም ኣብ ላዕሊ ዝሰመኽዎም ዝሓተተ ኣይነበረን። ሰለስት ግዜ ተጸዊዐ ናብ ሓለዋ ሰውራ ከይደ (ኣብታ መሪሕነት ዝነብሩላ ደሓን ተመለስ ተባሂለ) ድሕሪ ምምላሰይ ንመሪሕነት ክፍሊ ታዕሊም ንሮመዳን ኣውልያይ ኩነታት ክፈልጥ ደልየ እሓቶ። መልሱ ድማ ኣነ ዝፈልጦ የብለይን፣ ንምንታይ ይጽውዑኻ ከምደለዉ ዝሓበሩኒ ነገር የለን ዝብል ነይሩ። ኣብ ገጹ እውን ከም ዘንበብክዎ ጉሁይ ዝነበረ ይመስል። ነቲ ዝካየድ ናይ ምእሳር መደብ ብተመስገን በርሀ ኢዩ ዝካየድ ነይሩ። ኣብቲ እዋን እቲ ድማ ኣቦና ኣቶ ወልደኣብ ወልደማርያም መጺኦምስ ኣብቲ መረባዕ ናይ መሪሕነት ሓለዋ ሰውራ ጸኒሖምኒ። ዝኾነ ኮይኑ ነታ ሒዘያ ዝነበርኩ ተዓላሚት ሓይሊ ገዲፈ ንመጀመርያ ኣብ ካልእ ክሓድር ተመዲበ። እቲ ሎሚ ኣብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ተመዲቡ ዘሎ ዳዊት ሃብቱ ለይቲ ምስ ክልተ ዘይፈልጦም ተጋደልቲ ናብቲ መዳጎኒ ይወስደኒ። ለይቲ ክልተ ኣእዳወይ ብሓጺን ተኣሲረ እሓድር። ንግሆ ንሙሴ ተስፉንኪኤል፣ ኣፈወርቂ ተኽሉ፣ ንታረቀ ይሕደጎ፣ ንየውሃንስ ስብሃቱ፣ ንዶክቶር ርእሶምን ኮታ ንኹሎም ሪኢዮም። ብጾተይ ስለ ዝኾኑ ድማ ሰላም ክብሎም ኢደይ ኣልዒለ። ዝወረደኒ ናይ ኣባትር ቁጽሪ ከም ማይ ኣይሂ ኢዩ እንተ በልኩ ካብ ሓቂ ኣይረሓቕኩን። ኣብ ማእሰርቲ ነዊሕ ግዜ ገይረ። ኣባላት ሃገራወን ዲሞክራሲያዊ ለውጢ (መንካዕ) ቅድሚ ምቕንጻሎም ክልተ ግዜ ናይ መግቢ ምሕሳም ገይሮም ነይሮም። ኣብቲ ቀዳምይ ግዜ ድሕሪ ናይ ሓደ ሰሙን ጥምየት ምስ ሮመዳን ሓመድኑር ክዛራረቡ ተጸዊዖም ኣብ ሓደ ልጉስ ቦታ ኣግሊሶምም። ብድሕሪኡ ናይ መግቢ ክንክን ምስቲ ናይ ባዶ ከስዐኦም ዝሰማማዕ ተዋሂብዎም ተመጊቡም ጥዕነኦም ተመልሰ። ሰብ ከይሪኦም ለይቲ ብሓንቲ መስርዕ ተኸቢቦም ኣብ ወርሒ ኣንሳብ ይሕጸቡ። ኣብቲ ምስ ሮሞዳን ዝተዛራረቡሉ ገለ ዝጠለብዎ ነገር ነይሩ ክኸውን። ናይ ሓሶት መብጽዓ ተዋሂብዎም ምንባሩ ድሕሪ ምውጻኦይ ሰመዐ። ኮይኑ ኣብቲ ቦታ ከለኹ ግን ምስ ካልኦት ልዕሊ 100 ዝኾኑ ንክቕንጸሉ ተወሲዶም። ድሕሪ ምቕንጻሎም ናብ ካልእ ቦታ ዝርከብ ማእሰርቲ ተወሲደ። ኣብቲ ቦታ ድማ ንበይኑ ተወልደ ኢዮብ ይጸንሓኒ። ከዛራርቦ ወይ ከዛራርበኒ ስለ ዘይፍቀድ ናይ ገጽ እንበር ናይ ቃል ርክብ ኣይነበረናን። ኣብዚ ናብቲ ቀንዲ ኣርእስተይ ክምለስ። ድሕሪ ነዊሕ ማእሰርቲ እቲ ግርጭት ኢሰያስን ሰለሙንን ንግዝይኡ ከም ማይ ነሓሰ ጽሕዩ ክመስል ናብ ካልእ መድረኽ ይሰጋገር። እቲ ንዑስማን ሳልሕ ሳበ ካብ ህዝባዊ ሓይልታት ምውጋዱ ዝብል ሜላ ኢሰያስ ክትግበር ይጅመር። ኣብ ደገ ዝርከብ ናይ ወጻኢ ዝምድናታት ኮነ ናይ ስለላ መርበብ ካልእ ቅርጺ ክሕዝ ተባሂሉ ንሰለሙን ንሱዳን ክኸይድ ካብ ኢሰያስ ርእይቶ ይቐርብ።

እቲ ቀርኒ ዘለዎ ዝራብዕ ሰለሙን ወልደማርያም ንተንኮል ኢሰያስ ይፍለጦ እንበር ኣብዛ መድረኽ እዚኣ ከመይ ገይሩ ከም ዝሓሰዮ ኣይፍልጠን ንሱዳን ይከይድ። ኢሰያስ ከይወዓለ ከይሓደረ ንናይ መንካዕ ጽልዋ ኣለዎም ዝበሃሉ ኩሎም ፈቲሑ ናብ ተሃድሶ ይልእከና። ፈታዊናን ሓላይን ክመስል ብጽቡቕ ክከናኽን ይጅምር። ትኽስ ድሙስ መዘንግዕ ኣንጭዋ። ገለ ውሑዳት ክቕበልዎ ከለዉ ዳርጋ 90% ግን ነቲ ጠለባት ደሞክራሲያዊ መስርሕ ክኽሕድዎ ስለ ዘይመረጹ ነቲ ናይ ዕርቂ ጻውዒቱ ቱምኑይ ከም ዝኾነ ስለ ዝፈለጡ ይሕሰምዎ። ኣብዚ ኣብ ካልእ ጽሑፋተይ ማለት ጥዕናን ዕድመን ፈጣሪ ወይ ኣላህ ክህበኒ ጸሎት ግበሩለይ እንበር ኣብኡ ክቕጽሎ ኢየ። ነቶም ኣብቲ እዋን እቲ ስንና ንንከስ ክብሉ ምሳይ ዝመያየጡን መርገጺየይ ከየላሕልሑ ዘተባብዑኒ ሎሚ መብዛሕትኦም ሓሊፎ ኣለዉ ግን ኣብ ካልእ እዋን ክሰምዮም ኢየ። ካልእ ግን ኣብቲ ዝሓለፈ ጽሑፋተይ ኣብ ክፍሊ ማዕድን (ኣብ ናይ ጨው) ናይ ሕርሻ ተመዲበ ዝሕለፍክዎ ገሊጸዮ ኣለኹ። ሕጂ ናብ ጉዳይ መሓሪ ግርማጼን ክምለስ። ድሕሪ ማእሰርተይ ምስ መሓሪ ብኣካል ኣይተራኸብናን። ኣነ ንከባቢ ናቕፋን ማእከላይ ግንባርን ዘሎ ናይ ቁጠባ ሓላፊ ክኸውን ተመዚዘ። ሱድን ክኣቱን ክወጽእን እውን ክኢለ። ደርጊ ሓዲሽ ገንዘብ ሓቲሙ ነቲ ናይ ሃይለስላሰ ባጤራ ክቕይር ስለ ዝመደበ ሓዲሽ ገንዘብ የሕትም። እቲ ገንዘብ ኣይተዘርገሐን። ይኹን እንበር ቅድሚ ሓደ ወርሒ ከም ዝዝርጋሕ ደርጊ ኣዋጅ የመሓላልፍ። ድሕሪ ሓደ ወርሒ እቶም ናይ ሃይለስላሰ ገንዘብ ዘለዎም ናብ ባንክ ከይዶም ኣረጊት ባጤራ ሂቦም ሓዲሽ ባጤራ ድማ ክወስዱ ንህዝቢ ይእወጅ። እቲ ኣዋጅ እውን ውሱን ግዜን ገደብን ይግበረሉ። ገና ናብ ህዝቢ ከይተዘርገሐ ከሎ እቲ ሓዲሽ ባጤራ ካብ ማእከል ቑጠባ ኣብ ፋሕ ዝርከብ ይኣቱ። ገለ ብርክት ዝበለ ንናቕፋ ናባይ ይመጽእ።

ገና እዚ ገንዘብ እዚ ኣብ ባንክ ክልወጥ ኣይጀመረን። ናይ ዕዳጋ መለዋወጢ እውን ክኸውን ኣይከኣለን። ከመይ ገይሩ ኣብ ኢድ ውድብ ኣትዩ ዝብል ሕቶ ኣብ ኣእምሮይ ወረረኒ። ገለ ደርግን መሪሕነት ሻዕብያ (ኢሰያስ) ርክብ ክህልዎም ይኽእል ክብል ገምገምኩ። እቲ ገንዘብ ብናይ ቴንዳ ከረጺት ኢዩ መጺኡ። ቁጽሩን ብዝሑን ድማ ብሰነድን ብጽሕፍን ካብ ማእከላይ ናይ መሪሕነት ቦታይ ተላኢኹ፡ ገለ ደርጊ ኣዝዩ ለባም ኮይኑ ነቲ ናቱ ባጤራ ብድሕሪ መስመር ንዘሎ ህዝቢ ክዝርግሓሉ ዝኽእል ምስ ሻዕብያ ስምምዕዶ ገይሩ ኮይኑ ዝብል ሕቶ ድቃስ ከልኣኒ። ጅግናን ይዋደቕ ይስዋእ ይስንከል፣ ብድሕርና እንታይ ይፍጸም ኣሎ ዝብል ሓሳብ ድቃስ ከልኣኒ። ብጉዳይ ናብ ፋሕ ከድኩ። መግለጺ ብግሉጽ ክሓትት ከም ዘይክእል እፈልጥ ነይረ። ኮይኑ ግን ኣብቲ ክፍሊ ገንዘብን ምምሕዳርን ገለ ሓበሬታ ክረክብ ሃቂነ። ብህጹጽ ንቦታኻ ተመለስ ተባሂለ ተመለስኩ። ሎሚ ንድሕሪት ተመሊሰ ጴጥሮስ ሰለሙን ኣብቲ ምስ ዳን ኮነል ዝገበሮን ዝሃቦን ናይ ቃለ-መሕትት መሊስ ክዝክር ከለኹ እዚ ራእሲ ህዝባዊ ሓይልታት ብዙሕ ጉድ ነይርዎ ዝብል መደምደታ ኢየ በጺሐ። ቃል ሰለሙ ,,እወ ብዝሒ ገንዘብ ካብ ደገ ይመጽእ ነይሩ ግን ካብ መን ከም ዝመጸ ንፈልጥ ኣየነበርናን“ ኢሉ።

ዘገርም ነገር ካብ ሓላይ ትበሃል ጎቦ (ዝበረኸት እንባ ሓላይ ብኮድ ዝተሰምየት ኣብ ከባቢ ናቕፋ ትርከብ ) ዓሊ ሰይድ ዓብደላ ብራድዮ እሞ ብኮድ መልእኽቲ የመሓላልፍ። እቲ ናይ ቁጠባ ኮድ ናይዚ ከባቢ ኣነ በይነይ ጥራይ ኢየ ክፈልጦ ዘለኒ። ተቐባሊ መልእኽቲ ብረድዮ ተቀቢሉ ዝኾነ ክጽሕፎ ይኽእል፣ ግን ትርጉሙ ክርዳእ ኣይክእልን። ኣነ ጥራይ ስለ ዝፈልጦ ነቲ ኮድ ኣንቢበ ክፈትሓ ብድሕሪኡ ነታ ጽሕፍቲ ከም ሰነድ እውን ከቐምጣ ኣይፍቀደንን። ነቲ ኮድ ኣብ ርእስኻ ኢኻ ተጽንዮ። ካልኦት ኣብቲ ከባቢ ዝርከቡ መራሕቲ ነናቶም ኮድ ኣለዎም። ኣነ ርክበይ ምስ ናይ ውድብ ሰንትራል ጥራይ ኢዩ። እታ ናይ ሽዑ ትእዛዝ ነቲ ሓዲሽ ገንዘብ ዝኾነ ይኹን ገባር ጠስሚ ወይ እጣል ኣባጊዕ ከብቲ ንሕክምና ዝሕረዳ በቲ ኣረጊት ገንዘብ ዝሸጠልና ቅብሊት ሒዙ ምስ ዝመጽእ እቲ ሓዲሽ ገንዘብ ክቕይረሉ ይንገረኒ።

ሓደ ንግሆ ሓደ ዕብይ ዝበሉ ሽማግለ (ቋንቋ ትግረ ዝዛረቡ) ናባይ መጺኦም ሓዲሽ ባጤራ ክልውጠሎም ይሓቱኒ። ቅብሊት ኣለኩምዶ ክብል ተወከስክዎም። የብለይን ይብሉኒ። ኣነ ድማ ቅብሊት ንዘለዎ ጥራይ ኢየ እቲ ሓዲሽ ባጤራ ዝህቦ እብሎም። ዓሊ ሰይድ ኢዩ ናብኻ ልኢኹኒ ይብሉኒ። ደሓን ክሓቶ ኢየ ድሕሪ ምባለይ ብላስልክ ረድዮ እሓቶ። ቅብሊት እንድሕሪ ዘይብሎም ኮይኖም እቲ ምስኦም ዘሎ ናይ ሃይለስላሰ ገንዘብ ካበይ ከም ዝመጸ ተወከሶም ይብለኒ። ንሶም ድማ ኣብ ናሮ ዝርከቡ ተጋደልቲ ሓደ ብዕራይ ሸይጠሎም ዝሃቡኒ ኢዩ ክብሉ ይምልሱለይ። ንዓሊ ሰይድ ድማ ኣብ ናሮ እዞም ሰብኣይ ብዕራይ ንብጾትና ሸይጦም ነይሮም ክብል እምልሰሉ። ናሮ እሞ ኣብ ትሕቲ ናትካ ከባቢ ዘሎ ስለ ዝኾነ ብዕራይ ዓዲግካ ክትከውን ኣለካ ይብለኒ። ኣነ ድማ እቶም ኣነ ዝልእኮም ዓደግቲ ኣብ ናሮ ብዕራይ ይትረፍ ደርሆ እውን ኣይዓደጉን እብል። ዘዐድግ ኩነታት እውን ኣይነበረን ክብል እምልሰሉ። እቲ ዝዓደገልኩም ሰብ ትፈልጥዎዶ ክብል ተመሊሰ ነቶም ዓቢ ሰብ እሓቶም። እወ ሓንቲ ዓይኑ ዝተሸፈነት መራሒ ኢዩ ዓድግዎ ይብሉ። መልእኽተይ ከምታ ዝሃቡኒ የመሓላልፍ። ዓሊ ሰይድ ረድዮኻ ከፊትካ ተጸበ ይብለኒ። ኣነ እውን እጽበ። ርክብ ዓሊ ሰይድን ገብሪሂወት ወዲ ሓንቢርን ብረድዮ ይዘራረቡ። ወዲ ሓንቢር እወ ብዕራይ ንቦጠሎኒ ተዋሂቡና ዓዳጋይ ግን ገብረሚካኤል መሓርዝጊ (ወዲ ኣርባዕተ) ኢዩ ነቲ ገንዘብ’ውን ከፊልዎ ይብሎ። ዓሊ ሰይድ እቲ ክንዛራረበሉ ዝጸናሕና ሰሚዕካዮዶ ይብለኒ። እወ ሰሚዐዮ ክብል እምልሰሉ። በል ሎሚ ለይቲ ንፋሕ ከድካ ኣብኡ ቅብሊት ምህላዉን ዘምህላውኑ ኣረጋግጽ ይብለኒ። ስለምንታይ ብናይ ራድዮ ሓበሬታ ካብ ንተኽለ ማንጆስ ወይ ካብ ግርማይ ክፍሊ ሰነድ ባዕልኻ ዘይትሓቶም ፣ ስለምንታይ ኣነ ቦታይ ኮነ ምምሕዳር ገዲፈ ዘየድሊ መገሻ ዝገብር እብሎ። ትኽይድ ኢለካ ኢየ ለይቲ ትብገስ፣ ትእዛዝ ኢዩ ይትግበር ድማ በለኒ። ካልእ ምርጫ ስለ ዘይነበረኒ ለይቲ ምስ ናይ መጎዓዝያ ቶዮታ ንፋሕ እብገስ። ወጋሕታ ድማ ኣብኡ እበጽሕ። ንግሆ ኣብ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር እበጽሕ። ሰለስተ ሰባት ተጎልቢቦ ደቂሶም ይጸንሑኒ። ንሳቶም ድማ መሓሪ ግርማጼንን ገብረሚካኤል ወዲ ኣርባዕተን ናይዝጊ ክፋሉን ኢዮም። ድምጸይ ሰሚዖም ክበራበሩን ኢሰያስ ደበኽ በለ። ንመሓሪ ግርማጼን ብእግሩ ገይሩ ሃረሞን ረገጾን። ተጎልበብ ሌባ ክብል ድማ ጨደረሉ። መስኪን መሓሪ ተጎልበበ። ንዓይ ድማ ዘረባኻ ምስ ወዲ ኣርባዕተ ኢዩ ምስ መሓሪ ዘዛራርብ የብልካን በሊኒ። ኣነ ዝተዋህበኒ ትእዛዝ ምስ ተኽለ ባንጆስ እንበር ምስ ገብረሚካኤል ዘዛራርብ እውን የብለይን ክብል መለስኩሉ። ኪድ ኣብቲ ናይ ቁጠባ ምምሕዳር ኣብኡ ንገብረሚካኤል ክሰዶ ኢየ በለኒ። እነ እውን ነቲ ጽዩፍ ተግባሩ ተዓዚበ ናብቲ ዝበለኒ ቦታ ኣቕናዕኩ። ድሕሪ ቁሩብ ወዲ ኣርባዕተ ኣብ ከዛራርቦ ልጉስ ቦታ ክኸይድ ከም በሓዲሽ ተነግረኒ። ኣብቲ ክፍሊ ናይዝጊ ክፍሉ እውን ነበረ። ናይዝጊ ተስፉ ኢሉ ድሕሪ ምጽዋዕ ,,ሕጂ ኣብ ክፍሊ ቁጠባ ክቕላዕ ዘለዎ ጉዳይ ስለ ዘሎ፣ ንገለ እውን ኣብቲ ንስኻ ዘለኻዮ ብዘይ ናትካ ፍልጠት ዝተኻየደ ዕድጊ ክጻረ ስለ ዝተደልየ ኢኻ ተጸዊዕካ፣ ስለዚ

ኣነን ገብረሚካኤል ካብ ኩሉ ስራሕና ተኣጊድና ኣለና። ንዓይ ዝመጸኒ ነገር የለን። ድሕሪ ክልተ ሰሙን ክሉ ናብ ሓደ ክጥቕለል ኢዩ ክብል ደምደመ።

ብድሕሪኡ ምስ ወዲ ኣርባዕተ በቲ ዘምጸኣኒ ክዛራረብ ምድላየይ ንናይዝጊ ንበይንና ክገድፈና ሓተትክዎ። ንሱ እውን ተኣልየ። ገና ናብ ሕቶ ከይጀመርኩ ከለኹ፣ ገብረሚካኤል ብዛዕባ ሓደ ብዕራይ ኣብ ናሮ ዝተዓደግ ኢኻ ክትሓተኒ ትደሊ ዘለኻ፣ እወ ንበጦሎኒ ወዲ ሓንቢር ሓደ ብዕራይ ድሕሪ እቲ ውግእ ምውድኡ ክሓርዱ ዓዲገሎም። ኣብቲ እዋን ምስቲ ዝነበረ ህጹጽ ኩነታት ሰነድ ሒዘ ስለ ዘይከድኩ ቅብሊት ነቲ ሸያጣይ ክህቦ ኣይከኣልኩን። ሕጂ ብዘይካ እተን ሽዑ ዝተኸፍላ 300 ብር ካልእ ካብ ሕሳብ ዝጎደለ ነገር የለን። እቲ ቀንዲ ሽግር ግን ካልእ መጻወድያ ድሕሪ እዚ ጉዳይ ስለ ዘሎ ንስኻ ክትፈልጦ ድማ ስለ ዘይትኽእል ናብ ካልእ ዝፈጠርዎ ተንኮሎም ብዘይ ተረዳኣካ ተሓባባራይ ከይትኸውን ከጠንቅቐካ እፈቱ። ኣብቲ ሕጂ ናይ ብዙሕ ንጹህ ሰብ ደም ኢዶም ክጠልቁ ይደልዩ ስለ ዘለዉ ነቲ ክትፈልጦ ዘለካ ጥራይ ድኣ ኣድሂብካ ንኹሉ ከም ቀደምካ ኩን በለኒ። ብዙሕ እውን ሓበረኒ። ጸኒሑ ብምረት ,,ንስኻ ዘይትፈልጦ ካብ ክፍሊ ገንዘብ ኢሰያስ ዶላራትን ፓውንድን ኣብ ሻንጥኡ መሊኡ ክኸይድ ከሎ፣ መን ተቖጻጺሮው ይፈልጥ? ክንደይ ሕዙ ይኸይድ፣ ክንደይ ተረፍ ሒዙ ይምለስ ሓቲትካዮዶ ትፈልጥ?“ ክብል ተወከሰኒ። ኣነ ብወገነይ ኣብ ማእከላይ ግንባር ኢየ መደበይ። እቲ ዝተፈጸመ ድማ ኣብቲ ናተይ ግንባር ስለ ዝኾነ፣ ነቲ ተፈጺሙ ዝበሃል ዘሎ ክጻሪ ኢየ መጺአ። ብዛዕባ እቲ ሕዝዎ ዝኸይድን ሒዝዎ ዝምለስን ድማ ንስኻን ናይዝግን ናይ ምሉእ ቁጠባ ማእከልነት ስለ ዝኾንኩም፣ ኣነ ንዓኻትኩም ሓሊፈ ክሓትት ኣይፍቀደንን። ዝኾነ ኮይኑ በታ ትብላ ዘለኻ ዕድጊ ናይቲ ብዕራይ ተረዲኡኒ ኣሎ፣ ካልእ እሞ ዝፈልጦ የብለይን ክብል መሊሰኩሉ። ጸብጻበይ ኣመሓላሊፈ ንናቕፋ ተመለስኩ። ኩነታት ካብ ዘገምታዊ ሓሊፉ ከም ንፋስ በረኻ ክጉይን ክሸብብ ጀመረ። የሚን ዝበሃሉ ክንቀሳቐሱ ጀሚሮም ኣለዉ ዝብል ታሐተ ታሕቲ ክውረን ክምሓላለፍን ድሕሪ ምጽናሕ ውጥኖም ተቐሊዓ ትዝርዝር ኣላ ተባህለ። እታ ቀንዲ ትድለ ዝነበረት ድማ ካብ ውድብ ሓባሪ ወግዓዊ መግለጺ ከይተዋህባ ብትሒም ቲሒም ተናፈሰት። እታ ጸልማት ዓለም ናይ ሳሕል ዓለም ተናወጸት። መርከብ ሰለሙን ክትሕምስ ከም ዘይጸንሐት ማዕበል በርቲዕዋ ናብ ምህጣም ገጻ ኣንቀልቀለት። ጸጋማዊት መንካዕ እውን ተረፍ ዶኾን ይህልዋ ይኸውን ዝብል ፍተሻ ዛጊድ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ብፍላይ ኣብ ቦጦሎኒ 5 ሓዊ ተነዚሑላስ ክንደይ ንጹሃት ተጋደልቲ ኣብ ፈቐዶ ሽንጭሮ ማህረምትን መግለርፍትን መርመራን ክካይደሎም ከም ዘይከረመ ሕጂ ተገልበጥ ኮይኑ ንየሚን ጉድ ተጀመረ። ማዕረ ማዕሪኡ ናይ መንካዕ ተረፍመረ ምጽራይ ዝብል ናይ ኢሰያስ ሰላሕታ ወራር ጎድኒ ጎድኒ ቀጸለ። ብኢደ ወነን ዝጥርጠር እንዳ ተባህለ ተጋደልቲ ተሳቒዮም። ገለ ንምጥቃስ እቶም ናይ የሚን ዝባሃሉ ቅድሚ ምቕያዶም ኣብ ገበን ዝኣትዉሉ ሓዲሽ ተዋስኦ ተኸፍተ። የሚናውያን ኣብ ልዕሊኦም ዝእጎድ ዘሎ ባርዕ ከየስተብሃሉ፣ ተረፍ መንካዕ ክብሉ ናቶም ሓለዋ ሰወራ ኣብ ከባቢ ናቕፋ ሰረቱ። ነቶም ተረፍ ዝበሃሉን ነቶም የሚንን ዝከታተል ስዉር መርባብ ኢሰያስ ብድሕሪኦም ይከታተል። ሓንቲ ንምጥቃስ ንሓደ ሓያል ናይ ከቢድ ብረት ዝነበረ ብፍላይ ድማ ዕላማ ዘይስሕት ኣብርሃ ዝተባህለ ጅግና ክሳብ ንመራሕ ሰራዊት ንሻለቃ ማሞ ኢዱ ዝወግኦ ናይ መንካዕ ኢኻ ተባሂሉ ተስሒቡ ምስ ተወሰደ ኣብ ሓለዋ ሰውራ ሃጢሙን ተሰዊኡን። ብጻይ ዝነበረ ተጋዳይ መሓሪ ወዲ ፍረ ስቅያት ስለ ዝበዝሖ ቦንብኡ ገይሩ ነፍሰ ቅትለት ፈጺሙ። ነቲ ቀንዲ ካብ የሚን ኣበይቶን ገብሪሂወት ዝበሃሉ ኢዮም ዘካይድዎ ዝነበሩ። ካብዚ ዝኸፍእ ክንደይ ነገር ተፈጺሙ። ነቲ ዝነበር ሃልሃልት ጅግና ስዉእ ወልደርፍኤላ ስብሃቱ እንተ ዘይየዕርፎ ነይሩ፣ እቲ ህልቂት ኣብ መንጎ ኢሰያስን ሰለሙን ክንደይ ዝኸፍአ ምኾነ?

ጥጅእ ናይታ ኣብ መጀመርታ 1977 ትቐውም ህዝባዊ ግንባር ንክትምስረት ደምበ ሰለሙን ክትፈርስ ኣለዋ። ንምፍራሳ እውን ተጀመረ። እቲ ናይ ምጽራይ ስጉምቲ ድማ ነቶም ተጻባእቲ ዝበሃሉ ክድምስሱ ተዋፈረ። ገብረሚካኤል ወዲ ኣርባዕተ፣ መሓሪ ግርማጼን፣ ኢዮብ ገረሉኡል፣ኪዳነ ኣበይቶ፣ፍስሃየ ኪዳነ፣ሃይለ ጀብሃ፣ ኣርኣያ ሰመረ፣ኣማንኤል ፍላንስ፣ ገብሪሂወት ባዕሉ ሰለሙን ወልደማርያም በብግዝይኡ ተጠሊፎም ተታሕዙ። ድሕሪ ሙቛም ህዝባዊ ግንባር ድማ ኢሰያስ ብኹሉ ናይ ገበን ጋቢ ምስ ማሞቐ ድማ ንኹሎም ቀንጸሎም። ካብዚ ኩሉ ናይ የሚን ዝበሃል ምንቅስቓስ ብህይወት ዝደሓነ ሰብ እንተሎ እቲ ናብ ጀብሃ ዝሰለመ ሞጎስ ፋሲል ኢዩ እሞ ንሱ ናቱ ታሪኽ ክትርኽልና ምተጸበኹ። ኣብ ላዕሊ ዝጠቐስክዎ ከም ህዝቢ ንደቆም ዘይተኸላኸሉ ክብል ዝገለጽክዎ ድማ ኣብ ሜዳ ከምኡ ዝዓይነቱ ናይ ብጻይካ ደሃይ ዘይምግባር ኢዩ ዘበገሰኒ። ኣብ ክፍሊ ታዕሊም መሳርሕቶም ናይ ቀረባ ብጻዮም እሞ ብሓደ ተረድኦ ዝዓሙ ዝነበሩን ንመሓሪ ግርማጼን ፈለጥቱን መሳርሕቱን ዝነበሩ ከም ዓብደላ ኣደም ከም ሃይለ መንቀርዮስ ክሓትሉን ክገልጹን ኣይተራእዩን። እታ ብጻይነት ትብል ቃል ትርጉማ ደኣ እንታይ ኢያ እሞ ክንብላ። ኣነስ ደሓን ሓንቲ እግረይ ኣብ መቓብር ገዲፈያ ነብሰይ ግን ምስቶም ስንኩላት ብጾተይ መኪና ሻዕብያ ናብ ብጥይት ዲዩ ብካራ ንቕንጸለሉ ተጎቲትና ክንከይድ ከለና

እታ መኪና ኣብ ቅድሚ ወተሃደራዊ መዓስከር ቃሮራ ዘሎ ሑጻ ተሸኺላስ ወጺእናስ እንሆ ንምስክር ኣለና። እወ ብህይወት ተሪፍካስ ክሳብ ክትምስክር ምብጻሕ ጸጋ ጥራይ ዘይኮነስ ናይ ጸጋ ጸጋ ኢዩ። ኣኸለ ብርሃን ሃገርና ደኣ የርእየና እንበር ሰብ መዓስ ነባሪ ኮይኑ። ነታ ዝተቖርጸት እግረይ ኣነ ከርክባ ኢየ እንበር ንሳስ ኣይትምለሰንን ኢያ። ክልተ መቓብር ይብልኹም ከምዚ ናተይ ታሪኽ ኢዩ። መንካዕ ብጸጋም ኢሰያስ ኣብ ማእከል የሚን ብየማን ጸወታ ሓደ ሰብ መደምደምታ እንታይ ከም ትመስል ንርኣ ኣለና። ሓንቲ ውድብ ኣፋሊሱን ኅዘዩን ጨሪሙን ኣብ መወዳእታ ድማ ደሚሩን ኣጉዲሉን ንጉሰ ነገስት ዘበለ ሃጸይ ኢሰያስ ሎሚ ንኹሉ ኣብ ትሕቲ ዝፋኑ ረጊጹ ንዓለም ኣይትጽርኒ ክብላ ምርኣይንና ናይ ፍርሕና ንግጉይ ጠመተናን ውጺኢት ኢዩ። ገለ ኣብ ደንበ ተቓወምቲ ዘለዉ ካብ እቲ ጸፍዒ ናይ ህዝባዊ ግንባር ተኣልዮም ንህዝቢ መለበሚ ክንዲ ዝህቡ ንኹሉ ውሒጦሞ ብምጽቃጥ ናይ ተቓውሞ ድምጾም ክስማዑ ኣይተራእዩን። ህዝቢ ክፈልጥ ደልዩ ሕቶታት ኣንቢሩሎም መልሲ ካብ ዘይህቡሉ ውዒሉ ሓዲሩ በብእብረ ኩሉ ክወጽእን ክመጽእን ከም ዝኾነ ኩላህና ክንፈልጢ ይግባእ። ተሓቢኣሉ ዝነብር የለን። ሕነ ንምፍድዳይ ዘይኮነስ ንምትእርራም ተባሂሉ ዝውሰድ ቅኑዕ መስመር ንምስራት ኩሉ ኣብ ብርሃን ይውጻእ። እቲ ጽቡቑን ሕማቑን ናይ ኩላህና ታሪኽ ኢዩ። ክንተዓረቕ ናይ ምትዕራቕ ንፋስ ክነፍስ ዝኽእል ሕሉፍ ጌጋታት ምስ ዝእረም እንበር ምጽቃጥ ሕዱር ሕማም ኮይኑ ፈውሲ ኣብ ዘይርከበሉ ጥፍኣት ከይዛዙ መግትኢ ካብቶም ምኩራት ኣካላት ንላዕሊ ዝህቡና ካልእ ክህሉ ኣይክእልን። ኢሰያስ ናይ ኩሉ ዝፈጸሞ ተግባራት ውጽኢት ኢና ሎሚ ብጋህዲ ንርኢ ዘለና። ካብቲ ዝፍጽሞ ዘሎ ዝዓቢ ምስክርነት ድማ የለን። ካብ ኣይተጋገኹን ዝብል ኣሎኛ፣ እቲ ጌጋ ተፈጺሙ፣ እዋን ጌጋ ስለ ዝነበረ ካልእ ኣማራጺ መንገዲ ኣይነበረን ሕጂ ድማ መዓልቱ ኣኺሉ እናሳሕ ኣለኹ ዝብል ኢዩ ዓቢ መምህር ዝበሃል። ሃገርና ናይ ለባማት ማዕከን ስለ ዝኾነት ነቶም ረሲዕናዮም ዝነበርና ህዝብና ይቕረታ ሓቲትና ተዓሪቕና ነተዓርቆም። ዝጽሕፎ ዘለኹ ብዓቕመይ ነቲ ተንኮላት ተቐሊዑ ሃገር ናይ ሰላም ትኸደሉ ጎደና መህነጺ መበገሲ ክትረክብ ዝብል ሕልና ኢዩ ደሪኹኒ። ሰብ ኮይኑ ኣብ ኣገባብ ኣተሓሕዛ ክእርመኒ ዝደሊ ድማ ኩላ ኣካላተይ እዝኒ ኢያ እሞ ክሰምዕ ቅሩብ ኢየ። ብዝወርደኒ ዝቕየሞ የለን። ዝገበረኒ ክገብር ዓዲ ነየጋብር ዝብል ለባም ናይ ወለድና መንገዲ ንከተል።

መበል 11 ክፋል ይቕጽል።